# ሰሚናር ዞባ ጀርመን

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ**
**13 ጥሪ 2007**

ዞባ ጀርመን ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ዕለት 13 ጥሪ 2007 ናይ ኣባላቱ ዕዉት ሰሚናር ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ኤርትራዊ ማእከል ኣሰላሲሉ። እቲ ሰሚናር ብመሪሕነት ዞባ ዝተጸውዐ ኰይኑ፡ መዘራረቢ ነጥብታት ሰሚናር ዋላኳ ንምምዕባሉን ዘይተጠቕሱ ነገራት ንምውሳኽ ክፉት ዕድል ዝሃበ እንተነበረ እንታይ ክኸውን ከምዘለዎምን ብመሪሕነት ዞባ ተነዲፉ ኣቐዲሙ ተዘርጊሑ ዝጸንሐ ምንባሩ ተራእዩ። ሰሚናር ብዕምቆት ዝተዛረበሎም ዛዕባታት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ህልዊ ኵነታት ዞባ ጀርመን፡
2. ውሽጣዊ ስነ-ስርዓት ውድብን ኣሰራርሓናን፡
3. ምምሕዳራዊ ጉዳያትን ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ ትካላት ውድብን፡
4. ኣብ ዝሓለፈ 8 ኣዋርሕ ዝተሰላሰሉ ኩሉ መዳያዊ ስራሓት ዞባ፡
5. ህልዊ ኵነታት ውድብን ናብ ሰልፊ ናይ ምቕያር ውሳኔ ጉባኤን ካልኦት ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጉዳያት ዘጠቓለለ ሰሚናርዩ ነይሩ።

ሰሚናር ዞባ ጀርመን መላእ መሪሕነቱን ካብ ኩለን ኣብ ጀርመን ዝርከባ ጨናፍርን ጉጅለታትን ከምኡውን ኣባላት ባይቶን ዝተሳተፍዎ ኰይኑ ኣገዳሲ ሰሚናርዩ ነይሩ። ብጻይ ተስፋማርያም ክብራኣብ ኣቦ-መንበር ዞባ ጀርመን ሰሚናር ዝሕዞ ቀጥዕታትን መኽፈቲ ቃልን ድሕሪ ምቕራቡ፡ መሪሕነት ዞባ ዝመዘዘታ 5 ዝኣባላታ ውጽኢት ሰሚናር እትምዝግብን ጠርኒፋ እተቕርብን ሽማግለ ምህላዋን ዝርዝር ኣስማቶምን ሓቢሩ። ቀጺሉ ሓላፊ ስርርዕ ዞባ ብጻይ ብርሃነ ገብረክርስቶስ ኣብ ውሽጢ 8 ኣዋርሕ ማለት ካብ ዕለት 09.04.2006 ድሕሪ ጉባኤ ዞባ ኣብዘሎ ግዜ፡ ዝተኻየዱ ፖለቲካውን፡ ስርርዓውን፡ ማሕበራውን፡ ቁጠባውን፡ ዜናውን ዕማማትን ኣብ ስራሕ ዘጋጠሙ ዕንቅፋታትን ንምስጋሮም ዝተወስዱ ስጉምትታትን ብዝርዝር ኣቕሪቡ። ንዝቐረበ ጸብጻብ ብተሳተፍቲ ድሕሪ ምስምዑ፡ ኣብ ጸብጻብ ዝተመርኰሰ ሓደ ብሓደ ኣብ ናይ ሓሳባት ምልውዋጥ መድረኽ ተኣትወ። ብዝተታሕዘ መዘራረቢ ነጥብታት መሰረት ከኣ ሓደ ድሕሪ ሓደ ብዘይምድውዋስ ነቲ ኣብ መስርሕ ዝተረጋገጸ ኣወንታዊ ጉዳያት ብምዕቃብ፡ ነቲ ገና ዘይተብጽሐን ዘይተሰላሰለን ጉዳያት ንምስጋሩ ዝሕግዙ ርእይቶታትን ሓሳባትን ብምቕራብ ኣብ ናይ ስራሕ ወረቐት ከምዝሰፍሩ ተገብረ።

ተኻፈልቲ ሰሚናር፡ ምምሕዳራዊ ጉዳያትን ኣብ ጀርመን ንዝርከብ ውድባዊ ትካላትን ኣመልኪቶም፡ ስሉጥ ናይ ርክክብ መስኖ ንክህሉን፡ ኣብ ምምራሕ ዝርከቡ ኣካላት ብዝግባእ ክትትል ንዘተዋህበ ስራሓት ኸካይዱን፡ ንትካላት ውድብ ኣብ ምምሕዳር ብንጥፈት ዝካታተሉን ኣድላዪ ስጉምትታት ዝወስዱን ምቛም ናይ ሽማግለታት ከምዘድሊ ተራእዩ ድሮ ኣብ ተፈጻምነት ምውዓሉ ተራእዩ።

ንስራሓት ዞባ ዝምልከት መደባት ብናይ ሓባር ምርድዳእን ስምምዕን ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ብጻይ ተኽለሰንበት ተኽላይ ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ኣቦ-መንበር ናይ ድህሰሳን መጽናዕትን ሽማግለ ሰልፊ ኣብ ጀርመን፡ ብዛዕባ ኵነታት ውድብን ናብ ሰልፊ ናብ ምቕያር ዝሓለፈ ውሳኔ ጉባኤን ኣመልኪቱ መግለጺ ኣቕሪቡ፡፡ ድሕሪ

መግለጺ ተሳተፍቲ ሰሚናር፥ ንህልዊ ደምበ ተቃውሞን ኲነታት ሃገርናን ኣብ ዓውደ ርኽክባቶም ካብ ዘጋጥምዎን ዓንቀፍቲ ዝመስሉ ኣመኻኽታን፥ ንስርዓት ህግዲፍ ኣብ ምግጣም ዝህልዎ ኣገባባዊ ተራን ኣልዒሎም ኣገዳሲ ክትዓት ኣካይዶም። ውድብና ናብ ሰልፊ ንምቕያር ይኹን ምስ ካልኦት ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ኤርትራውያን ውድባት ኮነ ኣካላት ብሓባር ሰልፊ ምቛም ዝወሰዶ ውሳኔ ብኩሉ ተሳታፊ ሰሚናር ዝድገፍ እኳ እንተኮነ፥ ኣብ ውሽጢ ኣባላት ግቡእ ተረድኦ ንኽምዕ ብልን ስጡም ኣረኣእያ ንኽህሉን ቀጻልን ተደጋጋምን ኣኼባታት ኣብ መሰረታት ንኽዝውተር ሓደን ሓባራውን ርእይቶ ነይሩ። ምስናዚ እቲ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ምስ ዘለዎም ውድባት ኮነ ውልቀ-ሰባትን ማሕበራትን ዝብል ኣባሃህላ፥ ዝያዳ ዕምቆት ክረክብ ተግባራት ዝተሓወሶ ክባሃልውን ካብ ዝቐረቡ ጠቓምቲ ሓሳባት ነይሮም። ምኽንያቱ ኣብ ወረቐት ዝሰፈረ መደብ ዕዮ ጥራሕ መዕቀኒ ናይ ተመሳሳልነት ክኸውን ከምዘይኽእል ንመደባትን ሕልምታትን ህዝብና ጠሊሙ ኣደዳ ኣደራዕን ብርሰትን ገይርዎ ካብ ዘሎ ህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ክንማሃሮ ዘለና ተመኩሮ ብምዃኑ ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ ናይቲ ሰሚናር፥ ኣብ ዝተመደቡ ስራሓት ኣባላት ውድብ ዝህልዎም ወሳኒ ተሳትፎን፥ መሪሕነታዊ ትካላት ውድብና ኣፈጻምቲ ዕማማት ኰይኖም፥ ስራሓት ክቼጻጸሩን ክከታተሉን፥ ኩሉ ኣባል ውድብ ንሕጋዊ ኣሰራርሓ ውድብ ክህልዎ ዝግባእ ቅሩብነትን፥ ምስ ኣባላት ተቃወምቲ ውድባት ኣብ ዞባ ጀርመን ክውሰዱ ንዘለዎም ሓባራዊ ስራሓትን ዝኣመሰሉ ለበዋታት ብምቕራብ ሸውዓ ተ ሰዓትን ፈረቓን ዝወሰደ ሰሚናር ብናይ ሓባር ተረድኦን ስምምዕን ተፈጺሙ።